# ኣታዮ ኢሳያስ ላዓየይ ይቀርበኒ!!!

By ሚካኤል ኣጎስቲኖ(ቱቢንገን ጀርመን)

24 ሕዳር 2005

ህዝቢ ኤርትራ ጸገም ረኺቡ፤ ብሓቂ ጸገም ረኺቡ፤ እዚ ምልካዊ ስርዓት እዚ ኣሸቆርቂርዎ፤ ዲሂልዎ፤ ኣርዒድዎ፤ ኣብ ወጻኢ ኾነ፡ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ፡ ብጩቅ ከምዘይብል ገይርዎ ይርከብ። ንእግሪ መንገደይ ንዕለት 9 ታሕሰሳስ ኣብ ከተማ ብራስልስ በልጁም ሰላማዊ ሰልፊ ነዚ ስርዓት ኣልቦ ንምቅላዕ ብውድባትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ከም'ዉን ዉልቀሰባትን ንኽምክቱ ተበጊሶም ስለ ዘለዉ ካልኦት በብወገንኩም ኻአ ምስ ኣሕዋትኩም ኣያታትኩምን ንኽትካፈሉ በዚ ኣጋጣሚ መጸዋዕታይ የቕርብ፤ ብሕልፊ ብሕልፊ **ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራዊያን** ፤ ምኽንያቱ ኣብ ዝሓለፍናዮ መሪር ናይ ተጋድሎና ቃልሲና ዓቢ ኣስተዋጽኦ ንህዝበን ንሃገርን ስለ ዘበርከታ፤ ሎሚ ኻአ ከምትማሊ ይብለን።

ካላኣይ ንመንእሰያት ኤርትራ፤ ጹባሕ ተካእቲ ሃገር፤ ስለ ዝኾንኩም ነዚ መዓልቦ ዘይተገብረሉ ዘሎ ሽግር ሃገርና ኣብ መዕለቢ ከተብጽሕዎ ሓላፍነትኩምን ጉቡእኩምን ስለ ዝኾነ፤ከምቲ ኣቦታትኩም ትማሊ ኣብ ሽዊት ዕድምኦም ሃሪ ዝመስል ኣፍሮ ዝነበረ ጨግሮም ፤ ለይለይ ዝብሉ ዝነበሩ ንእስነቶም ኣብ ቃልሲ ዝበለዩ፤ ንሓቅነት፤ንህድኣት፤ንራህዋ፤ ንሰላም፤ምክብባር፤ ንመሰል፤ንሕጊ፤ ኢሎም ዝሰንከሉን ዝተሰዉኡን፤ ዉሑዳት ኣይኮኑን፤ ካብ እዚ ቃልሲ ብሂዎቶም ዝወጹ እቶም ትማሊ ኣፍሮ ጸሊም ጨግሮም፤ዝነበረ ሎሚ በራሓት፤ ገለ ጨግሮም ሻሽ ይመስል ፤ ብጥዕና ምስኣን ኮነ፤ብዕብየት፤ ነዚ ሎሚ ቃልቃል ዝብል ዘሎ ቃልሲ ኣሰነይቱ ዳኣ'በር፡ ኣብ መደምደምታ ኣብጻሕቲ ንስኻትኩም ስለ ዝኾንኩም ሃየ፤ ሃየ፤ ሃየ፤ምእንቲ ህዝብኹም፤ካብዚ ጨካን ቀታልን፤ጥኑሳት ኣይብል ሓራሳት፤ ዕዉራትኣይብል ስንኩላት፤ትሕቲ ዕድመ ኣይብል ህጻናት፤ሽማግለ ኣይብል ምኒስተራት፤ ሸኽ ኣይብል ኣቡናት፤ ንጨድር፤ ንእዊ፤ ንዉጻእ፤ ንዕለት 9 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ብራሰልስ በልጁም ብመንገዲ ሰላማዊ ሰልፊ ምእንቲ ዉጹዕ ህዝብኹም።

ኣብ ዘምጻኣኒ ኣርእስተይ ክምለስ፤ ድሕሪ'ዚ ንኽልተ ህዘቢ ማለት ንህዝቢ ኤርትራን ንህዝቢ ኢትዮጵያን ዘይጠቅም ዉግእ ንስልጣን ኖም ንኽደልድሉ ጎብለል ቀርኒ ኣፍሪቃ ንኽብሃሉ፤ ዝወልዕዎ ዉግእ እዚ ዘይባሃል መስዋእቲን ፤ንብረትን፤ ጥሪትን፤ ስደትን፤ ክሳራ ኣስዒቡ ክንሱ፤ ከይኣክል፤ ኣብ ሞንጎ ሕብረተሰብ እዚ ዘይባሃል ሕንፍሽፍሽ ይእትዩ ይርከብ ፤ንምሳሌ ክንደይ ቃልኪዳን ዘየፈረሰ፤ ክንደይ ፈተዉትን ዘየፈላለየ፤ ካብቲ ዝገርመካ ክልተ ስድራቤት ጎራባብቲ ፤ ኢትዮጵያዉያን(ትግራዎት) ኤርትራዊያን ኮይኖም ንነዊሕ ይነብሩ ነይሮም፤ ድሕሪ ነዊሕ ጎራባብቲ ምዃን ዝምድኖኦም ጡቡቅ ኮነ፤ ስጋዕ ንደቆም ክርስትና ማለተ(ኣባሊገ) ተታሓሓዙ። ድሕሪ ዉግእ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተራጋጊጽካ ምትሕልላፍ ኮነ ፤ሓደ ማዓልቲ ወዮ ኢትዮጵያዊ(ትግራዋይ) ኣብ መንገዲ ምስ ተራኸቡ ከምዚ በሎ፤ **ኣታ ወዲያ ሓወይ፤ በይንኻ እንተለኻ ሰላም ተብለኒ፤ ሰብ እና ክተግኒ ሰላም ለይትብለኒ፤ ኢሳያስ እንተኾነ ልዓይ ይቀርበኒ፤** በሎ በይባሃል። እዚ መምርሒ ናይቲ ምልካዊ ስርዓት ስለ ዝኾነ እቲ ህዝቢ ረዒዱ እቲ ዝባሃሎ ኣብ ግብሪ ክትርጉም ይፍትን። ብድልየቱ ስለ ዘይነቀለ ግን ሕልናኡ ምግባር ይኣብዮ። ናዓና ንተቃወምቲ ኣብ ማዓልታዊ ኩነታትና እንሪኦን ዝኇነፈና ዘሎ እዩ።

ከምዚልካ ግን ስጋዕ ማእስ፤ ኣንጻር ሕልነኻ፤ ኣይፋል ኣብ ጎኒ ይሕዋትካ ተሰሊፍካ ሓንሳእ ንሓዋሩ ካብ ገጽ መርየት ነዚ ስርዓት ምልጋሱ፡ እዩ። ፈታዊ ሃገሩ፤ ንዉጽዕ ህዝብኻ፤እቲ ጋሪዱካ ዘሎ መጋረጃ፤ ብሓንሳእ ባሓደ ኢድን፤ ብሓደ መንፈስ ፤ንቀንጥጦ እሞ፤ እቲ ሕጂ ዉልቃዊ ጉዳይካ ዓጊዱካ ዘሎ ሽዑ ብዘይ ራዕዲ ክት ረኽቦ ምኻንካ ቃል ተቃለስቲ ስለ ዝኾነ ብዘይ ዕጻይ ምጻጸይ ተበገስ። እዚ እዩ ኻእ እንኮ መፍቲሒ ሽግርና።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና
ሰላም ንህዝብና
ዉድቀትንህግደፍ መዳኽርቱን